# እንገብሮ፡ ንህዝቢ ንነገሮ

## ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

ዘረባ እንተነውሐ ትርጉም የብሉን፡ ክሲ ኣብ ልዕሊ ክሲ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ናእዳ'ውን ኣብ ልዕሊ ናእዳ እንተተደጋገመ'ኳ መቐረት የብሉን፡ ኩሉ ነገር ምጡን እንተኾነ ይሓይሽ። ዝኸበርካ ሓው ሓየሎም፡ ሎሚ ኣርእስቲ ቀይርካ፡ ቅሩብ መካትዒ'ውን መሪጽካ፡ እንተኾነ እቲ ውልቃዊ ሽም ምልዓል ኣይገደፍካዮን። እቲ ዝጽላእ ከኣ ንሱ'ዩ።

ሓው ሓየሎም፡ ማንታ ዘረባ፡ ንሓድሕዱ ዘይቃዶ፡ ሓንሳብ ናእዳ፡ ሓንሳብ ምንእኣስ እቲ ጽሑፉትካ ንባዕሉ ዝጋራጩ ኮይኑ'የ፡ ረኺበዮ። ሓው ሓየሎም፡ ንሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብቕንዕና ብርእይቶን ሓሳብን፡ ብካልእ ዝመረጽካዮ ኣገባብ ንምድጋፉ፡ ንምሕያሉን ከም ዘይተበገስካ ጽሑፍካ ዘመስክሮ'ዩ። ኣብ ኩሉ መዳያቱ ኣዕናዊ ጠባያት ዝነበሮ ጹሑፍ'ዩ።

ኣብ ካልኣይ ሽነኽ ከኣ ኣብ መሪሕነትን መሰረታትን ፍልልይ ከም ዘሎ ኣምሲልካ ላምባ ክትንስንስ፡ ክርቢት ክትሽርጥጥ ፈቲንካ፡ ትፈታን ኣሎኻን፡ እዚ ግን ዝቀንዓካ'ዩ ኣይብልን። ግጉይ ግንዛበ ሒዝካ ኣሎኻ። ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣካል ናይ'ቲ መውጽኢ ሓራ ዝኾነ ጅግና ሰራዊት ሓርነት እንዳበልካዮን፡ ዕጡቕን ንቕሑን እንዳበለካዮ፡ ኣብ ገገለ እዋን ከኣ ናይ መሪሕነቱ ተላኣኣኽን መሳርሕን ገቢርካ ክትገልጾ ፈቲንካ።

ካብኡ ሓሊፍካ'ውን ብዛዕባ ካልኦት ውድባትን ጽላል ኤርትራዊ ኪዳን፡ ገገለ ዘጻልእ ነገራት እንተተረኽበ ብማለት ፈታትንካ፡ ግን እቲ ጉዳይካ ንህዝቢ ተቐባልነት ክረክብ ጸቢብ ዕድል ስለ ዝነበሮ ኑቲ ክትዕ ክትደፍኣሉ ኣይሓገዘካን። ክሕግዘካ ኣይክእልን'ዩ። ማይ ሩባ እንድሓደረ'ዩ ዝጸሪ፡ እቲ ውሑጅ ዘረባኻ ከኣ፡ መእሰርን መተሓሓዝን ሃቕን ምስ ሰኣንካሉ፡ እንዳጸበንን ንሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክትሃሲ'ምበር ክትዕሪ ከም ዘይደለኻ፡ ካብ ሀ ክትብል እንከለኻኳ እንተፈለጥናዮ፡ ብዓብዩ ብጽሑፍካ ባዕላክ ትጋለጸሉ ደረጃ ይበጽሕ ማለት'ዩ።

ሓደ ንቑሕ ዝኾነ ኣካል፡ ንስኻ'ውን ዝመስከርካዮ፡ ናይ ውሑዳት መራሕቲ ተገዛኢ ዝኾነሉ ምኽንያት ንቕሓቱ ብምንታይ ስለ ዝተዓቐነ'ዩ። ወይስ ከም ኩነታት ኣየር ዝቀያየር ንቕሓት ስለ ዘለዎ'ዩ። ኣይመስለንን። ንስኻ ንዘረባ ክጥዕመልካ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍካ ብዝደለኻዮ ብዘቐመጥካዮ ኣገባብ ዝተሰርዐን ዝተደርሰን'ዩ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ዘይኮነ፡ ካብ ሓምለ 2006 ኣትሒዙ፡ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ክብሩን ታሪኹን ዝግብኦ ቦታ ክሕዝን፡ ውድብ ናብ ሰልፊ ምስግጋር ዘይኮነ፡ ውድብ ብሰልፊ ክትካእ፡ ሓድሽ ናይ ኣተሓሳስባ መድረኽ ንምኽፋት ባይቶ ተኻቲዑ ኣብ ስምምዕ ምስ በጽሐ፡ ንገድላዊት ባይቶ ሓላፍነት ኣስከምዋ፡ እቲ ሓላፍነት ከኣ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት፡ ሰልፊ ንምምስራት ክኸውን'ዩ። ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ገድላዊ ባይቶ'ውን ነዚ ናይ ጉባኤ ሕድሪ ሓላፍነትን ብጉቡእ ተኻቲዕሉን ተዛሪቡሉን፡ ንመፈጸምትኡ ድማ ፈጻሚት ሽማግለ ብግቡእ ክትከታተሎ፡ ብሓላፍነት ዝሕተት ኣካል ቆይሙ ስርሑ ጀሚሩ።

ምስረታ ሰልፊ ብናይ ድህሰሳን ሓበሬታን ሽማግለ ጀሚሩ፡ ኣብ ቀዳማይ፡ ካልኣይ ፡ ክሳብ ሳልሳይ መድረኽ ምቋም ኮሚሽን ክሳብ ኣሰናዳኢት ሽማግለ መስራቲ ጉባኤ ክበጽሕ እንከሎ፡ ዘይተኣደነ ሓበሬታታት ዘስንቕ ጽሑፉት፡ ኣብ ዳርጋ ኩሉ'ቲ ናይ ተቃውሞ ሓይልታት ኣሎ ዝበሃል መርበብ ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝተቐስከዎ፡ ብሰለስተ ቋንቋታት ተዘርጊሑ።

ውድብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ብዘይ ኣፈላልይ፡ መሪሕነቱን መሰረታትን ተጠርኒፉ፡ ተወሃሂዱ፡ ክሳብ መፈጸምታ ኣብጺሕዎ። ሓደ ዘይተጠራነፈን ዘይተወሃሃደን ሓይሊ ከኣ ነዚ ዓይነት ስራሕ ብዓወት ክዛዝም'ዩ ዝብል ሓሳብ ነይሩ ክነብር ይኽእል'ዩ ይብሎ እንተሃለው፡ ርእይቶኻ ጥራሕ'ዩ።

ብዛዕባ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ፡ በዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣገባብ፡ ተዘርጊሑ፡ ብፍላይ ኣብ ገገለ መርበብ ሓበሬታ ፍሉይ መስርዕ ተዋህብዎ ብዛዕባ ምምስራት ሰልፊ፡ መደባት ሰልፊ እንታይ ከም ዝመስል ብፍላይ ከኣ መርበብ ሓበሬታ ኣስማሪኖ.ኮም ነዚ ዕድል ዝኸፈቱ ዝነበሩ ምኻኖም ከም ምስክርን፡ ካብኡ ሓሊፉ እቲ ነዚ ሰፊሕ ዕድል ተጠቒሙ ምስ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክላለ፡ ክነቕፍን ክድግፍን ናይ ገዛእ ርእሱ ተገዳስነትን ሓላፍነትን ዘይወሰደ ተመሊሱ፡ ነቲ ሰልፊ ተመስሪቱ ጉዕዞ ኣብ ዝጀምረሉ፡ ምስ ሓደ ምልካዊ ስርዓት ንኽተመሳሰሎ ክትጽዕር፡ ነቲ ኩሉ ጀጋኑ ዶ፡ ንቕሓት ዶ ትብሎ ዝነበርካ ተፍርሶን ትቃወምን ምህላውካ'ዩ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ፍጹም ጌጋ ዘይሰርሕ፡ ጌጋ ዘይርከቦ ህያው ሰልፊ'ዩ እውን ኣይንብልን፡ ግን ሰልፊ ህዝቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣሰራርሓን ኣካይዳን ዘለዎ፡ ንጉዳያቱ ብምርድዳእ ዝፈትሕ እዩ።

ሳልሳይን መወዳእታን ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ካብ 22/ 25 ሓምለ 2008 ንሰለተ መዓልቲ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ቅድሚኡ'ውን ን2 መዓልቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ፈጻሚት ሽማግለ፡ ቀጺሉ ን5 መዓልቲ ካብ 26 ክሳብ 30 ሓምለ 2008 ዝተኻየደ ቀዳማይን መስራትን ጉባኤ ሰልፊ ብኣጠቓላሊ ንኣስታት 10 መዓልቲ ዝተኻየደ ዋዕላን ልዝብን፡ ኣብ ሓደ ናይ ዲክታቶሪያዊ ድምበ ዝኻየድ ናይ ነጻ ርእይቶ መድረኽ'ዩ ዝብል ርእይቶ የብለይን።

ቅድም ክብል'ኳ ነጊረካ'የ፡ ፍሉይ ሓሳብ ኣረኣእን ዝነበሮ ኣካል፡ ብናይ ብዙሓት ድምጺ ርእይቶኡ ኣብ ክንዲ ውዱቕ ምግባር ወይ ክተርፍ ምግባር፡ ከም ነጥቢ ፍልልይ ተመዝጊሙ፡ ነቲ ኩሉ መንገዲ ተጓዒዙ ክሳብ ጉባኤ ከም ዝበጽሐ፡ እቶም ንፍሉይ ርእይቶ ዘንቐሉ ወይ ዘንቐለ ከኣ ርእይቶኦም ክገልጹ በቒዖም'ዮም።

ንጉባኤ ዝመርሕ ዝነበረ ብጻይ ገብረእግዚኣብሄር ተወልደ፡ እዚ ጉባኤ'ዚ ኣሎ ንዝባሃል ሓሳብን ርእይቶን ተቐቢሉ ክዝትየሉ ምኻኑን፡ ዕድል ክወሃብ ምኻኑን፡ ጉባኤና ጉባኤ ዘምስሎ፡ ናይ እኩብ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነ መሰሎም ተሓልዩ ርእይቶኦም ክገልጹ ክኽእል ኣለዎ ብማለት፡ ዝተደምደመ ኣርእስቲ፡ ዘይዓገበ ርእይቶ እንተምጽአ፡ ናቱ ርእይቶ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ተመሳሳሊ ርእይቶ ዘለዎም ሰባት'ውን እንተሃለዉ ርእይቶኦም ከቕርቡ ይሕተት ነይሩ፡ ነዚ ዝመጸ ሓድሽ ርእይቶ ይኹን ሓሳብ ዝድግፉ ኣብ ሙሉእ ጉባኤ ሰልስተ ሰባት እንተሃለዉ፡ እቲ ኣርእስቲ ከም ሓድሽ ይኽፈት ኣብ ክትዕ ይወርድ፡ ንዘራረበሉ፡ ኣብ ገገለ እቲ ንዝበረ ዝሓሸ ኮይኑ ምስ ዝረከብ እቲ ሓድሽ ሓሳብ ይወድቕ፡ ብኣንጻሩ ከኣ እቲ ሓድሽ ሓሳብ ዝሓሸ እንተኾነ እቲ ቀዳማይ ክስረዝ ብድምጺ ኣባላት ባይቶ ይፍጸም።

መስርዕ፡ ኣካይዳን፡ ኣብ ውሳኔ ንምብጻሕ ዝካየድ ዝነበረ ጻዕሪ ምትሕልላይ፡ ነቲ ዕላም ማዕረ ክንደይ ከዕውቶ ከም ዝኽእል መሰረት ዝነደቐ ሰልፊ ህዝቢ'ዩ ዘብል፡ ሰክረታሪያት ጉባኤ ብዓብይ ዓቕልን ተጸዋርነትን ነቲ ኩሉ ሓሳብ ርእይቶን ኣሎኒ ዝበለ ሓሳባቱ ከፍስስን ገቢሮም'ዮም።

ብሓዊ ተለብሊቡ ዝሓለፈ ወርቂ ጽሩይ ከም ዝበሃል፡ ሰልፊ ህዝቢ'ውን ኣብ ጉባኤኡ ነዚ ዝመስል ኣካይዳ ዝነበሮ እዩ። መን እንታይ'ሉ ኣይኮነን ዘገድስ፡ በቲ ዝተባህለ ዝተበጽሐ ሓባራዊ ስምምዕ ዝተበጽሐ ውሳኔታት ጉባኤን ናይ ኩሉና ምኻኑ ዝእመነሉ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብውሳኔታት፣ ናይ መወዳታ ኢሉ ዘሰፈሮ ዕላማታት ኣይኮነን፣ ብሕጂ ክስራሓሉን ክመሓየሽ፣ መምስ መድረኹ ክተዓረረይ ዘለዎ ጉዳይ ምኻኑ ምዝንጋዕ ኣየድልን። ኣብ መስርሕ ከኣ ኩሉ ግዜ ክፍጸሙ ዝኽእሉ፣ ምስ መድረኽብ ዘይገጣታሙ ኣሰራርሓን ኣካይዳን፣ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ህዝቢ ክዕረይን ክስተኻኸሉን ዝኽእሉ'ዮም።

ህዝቢ ንዝርእዮም ጌጋታት፣ ነቲ ሰልፊ ከም ምኽሪ፣ ከም ምእረምታ ከቕረበሉ ዝኽእል ብዙሕ ኣገባብ ክትመርጸሉ ትኽእል ኣሎ። ነቲ ሰልፊ ንምህሳይን ንምድቋስን ምሕላን ግን ግደ ሓሊዮትን ምዕራይን ኣይኮነን። እዚ ከኣ ንኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ዘርኢ ጉዳይ ኣይኮነን።

ጌጋ ክፍራሕ የብሉን፣ ነቲ ጌጋ ክእርም ዘይደሊ ጥራሕ"ኻ ክትፈርሖ ዝግባኣካ፣ ኣብ ስራሕ ጌጋ ዘይፍጸም ነይሩ እንተዝኸውን ናይ መቆጻጸሪ ኣካላት ኣይምቆሙን፣ ሰባት ጌጋ ክሰርሑ ወይ ክፍጽሙ ዘይሕሰብ ነይሩ እንተዝኸውን ነቶም ንዑ ተባሂሎም ዝወጹ ሕጋጋትን ዓንቀጻትን ኣይምወጹን፣ ምስን'ቲ ጌጋ መናብርትና'ዮም፣ ጌጋታት እንተተረኺቡ ብምእራብ ክዕብየካን ከሰልጥነካ'ዩ ዝኽእል። ስለ'ዚ ሰልፊ ህዝቢ ነዚ ጉዳይ ዝተዳለወሉ'ዩ።

ክውንነት ሰልፊ ህዝቢ፣ ደረጃ ንቕሓት ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ፣ መበቆል ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ብባህርያቱ፣ ናይ ዝተፈላልየ ከባቢ፣ ቤት ትምህርቲ ዝዓብየ ስለ ዝኾነ፣ በዚ ሕጂ ኣብ ስደት ዘሎ ህዝብና ከኣ ናይ ዝተፈላልያ ሃገራት ጽልዋ ዘለዎ፣ ብሓደ መላኺ መሪሕነት፣ ብሓደ ዓብላሊ መሪሕነት ክኸይድ ኢልካ ዘይሕሰብ'ዩ።

ኣካይዳ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ቅዳሕ ናይ ህ.ግ.ዲ.ፍ እዩ ዝበልካዮ፣ ህ.ግ.ዲ.ፍ ዶ ውድቡ ኣፍሪሱ ምስ ህዝብን ካልኦት ውድባትን ኮይኑ ሰልፊ ክምስርት ፈቲኑ'ዩ። ምስ ሰፊሕ ህዝቢ ክራኸበን ክዛተን ፈቲኑ ድዩ ? ከም'ቲ ሰልፊ ህዝቢ ነቶም ብነጻ ድሌቶም ኣብ'ዚ ሰልፊ ክኣትዉ ዝደልዩ ዶ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣፊቅዱ ድዩ ? ብዛዕባ'ዚ ብዙሕ ጉዳያት ክለዓል ይኽእል እዩ። ብሓጺሩ ግን ክልቲኣኡ ዘራኽብ የብሉን።

ካልእ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ይኹን ሰልፊ ህዝቢ፣ ገንዘብ ኣምጽኡ ዝብሎም፣ ዝበልካዮ መሰረታት ብዘንቕሎ ንውድቡ ንምሕያል ብዘወፈዮ'ምበር ኣብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ይኹን ኣብ'ዚ ሰልፊ ግድነት ዝበሃል ፈጺሙ የልቦን፣ ንኽትፈልጥ ግን ድሌትን ተወፋይነት ኣሎ። እቶም ነጊሮምኒ ትብሎም ብዛዕባ'ዚ ናይ ገንዘብ ጉዳይ ስለምንታይ ዘይነገሩኻ ? ንገሩኒ በሎም። ብኣፍ ዘይኮነ ኣብ ቅዋም ናይ'ቲ ሰልፊ ብጽሑፍ ሰፊሩ ኣሎ። ግርም።

ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ሎሚ ሰልፊ ህዝቢ፣ ጸቢብ ናይ ጉዳያቱ መቆጻጸሪ መሳርሒ ዘለዎ፣ ንብረት ኮነ ገንዘብ መቕመጢኡን ዝበጽሖ ቦታ ብንጹር ዝተፈልጠን ዝተቐመጠን'ዩ። ጸብጻባቱ ከኣ ብግቡእ ዝሕዝ'ዩ። ዝኾነ ኣባል ነዚ ክፈልጥ ዝኽእል ከኣ ምስ'ቲ ዝምልከቶ ኣካል ተራኺቡ ክፈልጥ ከም ዝኽእሉለ ከም ዝኾነ ርግጸኛ'የ።

<u>ኣብ መደምድታ</u>

ነቲ ስቓይ ብጻይካ እንዳፈለጥካ፣ ዝወርወካዮ ዘለፋታት፣ ከም ዘይትፈልጥ ገይሩካ፣ በቲ ጌጋ ኣሰፋፍራ ክስታትካ፣ ንዓይ'ውን ኣጋጊኻኒ፣ ብዛዕባ ዝሕለፍካዮ ሕሰም፣ ትሕልፎ እንተሃሎካ'ውን ሕጉስ ስለ ዘይኮንኩ፣ ካብ'ዚ ዘሎና ሕሰም ናብራ፣ ሕሰም ህዝብና ክንናገፍ፣ ነቲ ቅኑዕ ከም ቅኑዕ፣ ከነስፍሮ ይግባእ እንዳበልኩ እታ ናተይ ጌጋይ ክእርማ እደሊ።

ብዛዕባይ ጉዳየይ ናይ ኣንቶንዮ ዘልዓልካዮ ነጥቢ፣ ብዛዕባ ዝደለኻዮ ክትብል ከፍቅደልን፣ ክጻወርካን እኽል። ኣነ ዘለፉ ጸለመ ክጸውርን ጸይረ ክኸይድ ዘገድድኒ፣ ዝገበረኒ ኣሎ። ንሱ ከኣ ብጸለምን ጸርፍን ነቲ ቅኑዕ ኢለ ዝኣምነሉን ዝጓዕዘሉን ስርዒትን መደብ ቃልስን ክቕይሮ ስለ ዘይክእል።ኣነ ብስራሕ'የ ዝኣምን፣ ኣነ ነቲ ዝኣምነሉ ዕላማ ብዓቕመይ ክሰርሓሉ ከም ቀዳማይ ጉዳይ ዝሰርዖ'ዩ። ኣነ ኣብ መሪሕነት እንተዘይሃለኹ ክሰርሖ ዝኽእል የልቦን ማለት ኣይኮነን። ወዮ'ኳ ኣራኽቦ ሃልዩ እንተተሰሪሑስ'ኳ። ዝስራሕ ብዙሕ ኣሎ።

ወዲ ሰብ ንኽነብር ፖለቲኸኛ ክኸወን ኣለዎ ዝብል ፍልስፍና የብለይን። ምስኡ ከኣ ብዛዕባ ኣብ መሪሕነትን ምህላውይን ዘይምህላወይን ንዓይ ብዙሕ ዘሕመኒ ጉዳይ ኣይኮነን። ንዓይ ዝሕመኒ ዝሳቕየኒ ጉዳይ ህዝብና'ዩ። ሽግር ህዝብና'ዩ። ብዛዕባ ስልጣን ንዝምልከት ጽባሕ'ኳ ኣብ ህዝቢ ክንወርድ'ና፣ ጽባሕ'ኳ መወዳድርቲ ሰልፍታት ክህልዋ'የን። ጽባሕ'ኳ ንስኻ እትመርጾን እተውርዶን መንግስቲ ክመጽእ'ዩ። እሞ ነዚ እንዳማዕዶና ብኽመይ ብውልቀ ሰባት ንጠራጠር፣ ንፈርሕ፣ ንደሃል ? ሰልፊ ህዝቢ ናይ'ዚ ህዝባዊ ማእከል ዝገበረ ዕላማን ኣካይዳን ዝምራሕ ሰልፊ'ዩ።

ካልእ ሽረ ኣይከድኩን ብዛዕባ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሽሬ ዝተገብረ ንጥፈታት ኣይንበረን እንተወሓደ ኣብ'ቲ ኣብ ከባቢ ዝነበርክሉ፣ ዑደት ሰላም ኣብ ምምሕዳር ትግራይ ፈጺምና፣ እቲ ዝበልክዎ፣ ብተንቅሳቓሲ ስእልን፣ ቃልን ስለ ዝተቐድሐ፣ ኣነ ፈትየ ዘጸብቆ፣ ጸሊኤን ከእ ዘሕምቆ የልቦን፣ ንምስ ነፍስኻ መታን ክትናሳሕ ከኣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣቲኻ፣ ብዝደለኻቶ፣ እንተስ ብጽሑፍ እንተስ ብስእስሊ ክትርእዮ ከም ትኽእል እረጋግጸልካ፣ እዛ ነገር ከኣ ሓንቲ ናይ'ቲ ዘልዓልካዮ ጉዳይ መበገሲኡ ናይ ጸለም ምኽኑ ጭብጢ'ያ ንዓይ። ምኽንያቱ ዝፈልጥካዮ ዘይብልካ፣ ዝሓለፈካ ብምንባሩ።

28 ጥቅምቲ 2008

ኣንቶንዮ ተስፋይ